# ባሕቲ መስከረም ንዘልኣለም ትኽበር፣

ፍስሃየ ሓጎስ

9/1/2006

ብሃጸያዊ ውዲት ፌደራላዊ ውዕል ጥሒሱ
ታሪኽና መንነት ሃገርና ደምሲሱ
ብጠቕላይ ግዛት ኣጠሚቑ ልዑላውነትና ኣፍሪሱ
ባሕርና ብሂጉ ኣብ ልዕሌና ነጊሱ
ብሃይማኖት ወገን ኣደናጊሩ ከሲሱ
ብዓመጽ ክገዝእ ጦርሰራዊት ኣበጊሱ።

ምልክት ናጽነትና ኣውሊዕ ባንዴራና
ሓበንና መንነትና መለለይትና
ባዕዳውያን ምስኣውረድዋ ብዘይ ፍቓድና
ሽዑዩ ዝተባርዐ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታትና
ኣብ ኩሉ ጐደናታት ከተማታትና።

ምንቅስቓስ ማሕበር ሸውዓተ ዘሳወሮ
ብሕኑን ስምዒት ተባዓት ተመሃሮ
ናጽነት ዝጠለበ ድምጺ ብሸበሮ
ዋዕላታት ቤት ጊርጊስ ደማስቆ ካይሮ
ወሲኑ ቃልስና ብብረት ክንጅምሮ።

ክረምቲ ሓሊፉ መስከረም ምስ-በሓተ
መሸላ ቆቕኍቡ ዕፉን ምስ-ሰወተ
ኣግራብ ለሚያም ዕንባባ ምስ-ሸተተ
ሩባታት ዛርዮም ጽሩይ ማይ ክስተ
ሰራዊት ሓርነት ብመራሒ ሓምድ ዓዋተ
ኣብ ጎቦታት ኣዳል ዓጢቑ ከተተ
ፈነዎ ጥይት ንናጽነት ዝጠመተ።

ብስሳን ሓደን ሓደ መስከረም
ሰውራዊ ኣዋጅ መግዛእቲ ክህረም
መልእኽቱ ዘቃልሐ ኣብ መላእ ዓለም
ናጽነት ኤርትራ ክዕቀብ ንዘልኣለም።

ህዝቢ ኤርትራ ንያቱን ዕጥቁን ኣትሪሩ
ንሰላሳ ዓመት ብሰውራ ገቲሩ
ንስርዓት ሃይለስላሴ ዕምሩ ኣሕጺሩ
ንምኩሕ ስርዓት ደርጊ ሰባቢሩ

ሽግ ናጽነቱ ዓቲሩ።

እዚ ኵሉ መስዋእትነት ተኸፊሉ
መግዛእቲ ተሓምሺሹ ናጽነት ተጻንቢሉ
ሰበይቲ ዓሊላ ሰብኣይውን ደቢሉ
ፍትሒ ክነግስ ጭቈና ተነቒሉ
ትጽቢታትና ብህግደፍ ተጨውዩ ተንጠልጢሉ
ዓገብዩ ብልሽዊ ኢሳያስ ከሽካዕልለሉ።

መስከረም ዝተረፈኪሎ ዘይፈጸምክዮ
ንምልኪ ደምሲስኪ ዓወት ክትደግምዮ
ፍትሕን ደሞክራስን ንሓፋሽ ከተጓናጽፍዮ
ህዝቢ ኤርትራን ጐረባብቱን ከተቕስንዮ
ካብዚ ዝዓቢ የለን ኵልና ንትምነዮ።